# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኩሉ ኤርትራዊ ኣብ በይ ኤረያ

**ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ፡ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈትና፡**
**ብድልየት ምምሕዳር ኣመሪካ ክዕጾ ኢዩ። ክቡር ቆንስልና**
**ኣቶ ኣሕመድ ምሓመድ ኢማን፡**
**ኣንጻር ድልየቱን ድልየትናን**
**ካብ ኦክላንድ ክግዕዝ ኢዩ።**

**ንዕለት October 28th, 2007 ናይ መፋነዊ ድራር እንግዶት ብምድላው፡**
**ምስጋናናን ኣድንቆትናን እንገልጸሉ መደብ ተዳልዩ ስለዘሎ**
**ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ በይ ኤረያ (ኦክላንድ፡ ሳን ሆዘ፡**
**ሳንታ ሮዛ፡ ሳን ፍራንሲስኮን ከባብን)**
**ኣብዚ ዝተሓበረ ቦታን ጊዜን ተረኺቡ**
**ንወግዒ መፋነዊ ቆንስልና**
**ክድምቐን ክዕዝዝን**
**ይዕደም።**

## ኣብዚ ዕለት'ዚ፡

**ብዛዕባ እዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ብምምሕዳር**
**ኣመሪካ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈትና ብምዕጻውን ነታ ንፈትዋ**
**ሃገርና ብዘይውዓለቶ ገበን ብምጥቃን ዝፈጥርዎ ዘለዉ ክሲ**
**ኣዕሚቕና ክንዝትየሉ ኢና። ብዛዕባ'ዚ ተተሓዙ ዘሎ መደባት**
**ምስ ኣጽፈፍና ተወሳኺ ሓበሬታ ክንሰዕብ ኢና።**

**ክልተ መደብ ዘጣቃለለ ፍጻሜ ብምዃኑ፡ ንኩሉ**
**ብጽፉፍ መታን ክንዛዝሞ፡**
**ኣብ እዋኑ ክንርከብ**
**ኣገዳሲ ኢዩ።**

**ንኩሉ እንተታት ድሉዋት ምዃን ጥራይ ዘይኮነ፡**
**ከም ኤርትራውያን/ኣመሪካውያን መሰልና ተጠቂምና**
**ስጉምቲ ምውሳድ እዋናዊ ህዝባውን ሃገራውን**
**ጠለብ ኢዩ።**

**ዕለት ስዓትን፡- October 28th, 2007 @ 2:00PM**
**ቦታ፡- 4700 Greek Orthodox Church**
**Oakland, Ca.**

**ናይ ድራርን ክራይን ወጻኢታትና ንምሽፋን፡**
**ሓገዝ $20 ክንቅበል ኢና።**

ሰማእታትን ንዘልኣለም
ብክብሪ ይዘከሩ!

ልኡላውነት
ሃገርና ይከበር!